የካቲት 27 2005

# በዓል ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣብ ቶሮንቶ
# ብዓቢ ድምቀት ሓሊፉ

ዕለት 27 የካቲት 2005፡ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራውያን ስርዓት ግዕዝ ዓመታዊ ብዓል ንግደት እኖና ኪዳነ ምሕረት ብዓቢ ድምቀትን ደስታን ሓሊፉ። ነዚ በዓልዚ ንምምዕራግን ንምዕጃብን ኣብ ርእሲ ኹሎም ምእመናን ካቶሊካውያን ቤተ ክርስትያን፤ ናይ ኤርትራውያን ተዋህዶ መድኃኔ ዓለም፤ ናይ ኤርትራውያን ተዋህዶ ቅዱስ ሚካኤል ምእመናንን ምሉእ ብምሉእ ብዘራኣይዎ ተሳታፍነት ነቲ በዓል ክብ ዝበለ ፍናንን መንፈስ ዝመልኦ ናይ ኣኀዋት ኅብረትን ሂብዎ ውዒሉ።

ስርዓት ቅዳሴ ቅድሚ ምጅማሩ ከም ባህሊ ዓድና ዋዜማ ተኻይዱ። ካብዚ ቀጺሉ ልብኻን ኣእምሮኻን ዝነክእ፡ መንፈስካ ዘለዓዕል፤ ብሙሉእ ልብኻ ኣብ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ክተተኩር ዘተባብዕ ስርዓት ቅዳሴ ባኣ ጳውሎስን፡ ብኣባ ኤርምያስን ተፈጺሙ። ኣባ ኤርምያስ ኣብ ዘስምዕዎ ቃል እግዚኣብሔር፡ ንእኖና ኪዳነ ምሕረት ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ሰላም ዘምጸኣትልና፣ ሕጂ'ውን ሰላምን ርጋትን ብኣኣ ክመጸና ክንጽሊ ከምዘሎና ፣ ከምኡ'ውን ሕውነትናን ኅበርትናን ከነበርትዕ ከምዘሎና ተላብዮም።

ብወገን መዘምራን ማለት በብእዋኑ ኣብ መንጎ ቅዳሴ ብመዘምራን ኣባላት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ስርዓት ግዕዝን፣ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን መድኃኔ ዓለምን፣ መንፈስካ ዘላዕልን ዘሔጉስን ዜማታትን ውዳሴታትን ተሰሚዑ። ቅዳሴ ምስ ተፈጸመ ድማ ደቂ ማሕበር ኪዳነ ምሕረት ብመስቀልን ምስሊ እኖና ኪዳነ ምሕረትን ተመሪሔን ሰለስተ ጊዜ ዑደት ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ድሕሪ ምግባር፡ በዴታት ተዓጂበን ብዕልልታን መዝሙርን ናኣዳርሽ ወረዳ። ካልኦት ምእመናን ከኣ ብከበሮን ጸናጽልን ንእኖና ኪዳነ ምሕረት እናወደሱ ንኣዳራሽ ወረዱ። ካብዚ ቀጺሉ ናይ ጸበል ስርዓት ተፈጸመ።

ነዚ በዓል'ዚ ንምዕጃብ ማሳና ብሓባር ዝውዓሉ፣ ቀሺ ተኽለ ተፈሪ፡ ናይ መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ምስ መሉእ ምእመናቶም፤ ቀሺ ይብራህ ኅይትኦም ናይ ቅዱስ ሚካኤል ቤተ ክርስትያን ምስ ምሉእ ምእመናቶም ዝሔጉስ ተኻፈልነትን ናይ ኅዋት ኅብረትን ብዘረኣይዎ ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ትሓልዎምን ሓሳብ ልቦም ድማ ትፈጽመሎምን። ንዓመታ ከዓ ኪዳነምሕረት ደሓን ኣጽኒሓ ኅብረትናን ኅውነታዊ መንፈስናን ኣጸቢቓ ከተበርትዓልና ናይወትሩ ጸሎትና ይኹን፣ ብሓባር ንሽነብዕላ ደማ የብቅዓና።

ሽማግለታት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራውያን
ስርዓት-ግዕዝ ደብረ ኪዳነ ምሕረት